# ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ

ብግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ዝሕተም

ቅጺ.2/1992 ቁ.3 ኣስመራ 6/4/1992 ዋጋ ብር 3.00

## ኣዋጅ ቁጽሪ 21/1992 ዓ.ም.

## ኣዋጅ ዜግነት ኤርትራ

# ኣዋጅ ቁጽሪ 21/1992 ዓ.ም.
# ኣዋጅ ዜግነት ኤርትራ

**1. ሓጺር ኣርእስቲ**

እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣዋጅ ዜግነት ኤርትራ ቁጽሪ 21/1992ዓ.ም. ተባሂሉ ኪጥቀስ ይከኣል።

**2. ዜግነት ብትውልዲ**

1/ ዝኾነ ኣብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ወጻኢ ሃገር ካብ ኤርትራ ዝመበቆሉ ኣቦ ወይ ካብ ኤርትራ ዝመበቆላ ኣደ ዝተወልደ ሰብ ኤርትራዊ ትውልዲ ዘለዎ ኤርትራዊ ዜጋ ኢዩ።

2/ ኤርትራ ዝሞበቆሉ ሰብ ማለት ዝኾነ ብ1933 ዓ.ም. ፈረንጂ ኣብ ኤርትራ ተቐማጣይ ዝነበረ ሰብ ማለት'ዩ።

3/ ዝኾነ ብህጻንነቱ ኣብ ኤርትራ ተወሊዱ ዝተረኽበን ወለዱ ዘይተፈልጡን ሰብ፣ በንጻሩ ክሳብ ዘይተረጋገጸ፡ ብትውልዱ ኤርትራዊ ዜጋ ከምዝኾነ ይቑጸር።

4/ ብሞበቆሉ ወይ ብትውልዱ ኤርትራዊ ዝኾነ ሰብ ብዘመልከተ፡ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ዜግነት ወረቐት ምስክር ይህቦ።

5/ ዝኾነ ብትውልዱ ኤርትራዊ ኮይኑ፡ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዝቕመጥን ናይ ካልእ ሃገር ዜግነት ዝሓዘን ሰብ፡ ዝሓዞ ናይ ወጻኢ ሃገር ዜግነት ብወግዒ ነጺጉ ኤርትራዊ ዜግነት ክወሃቦ ወይ ነቲ ዝሓዞ ናይ ወጻኢ ሃገር ዜግነቱ

ሒዚ ንኸቕጽል ዘኽእሉ ብቑዕ ምኽንያት ኣቕሪቡ ኤርትራዊ ዜግነቱ እውን ቅቡል ክኾነሉ ንክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያት ክመልክት ኣለዎ።

## 3. ዜግነት ብፍቓድ(1934 - 1951 ዓ.ም. ፈረንጂ)

1/ ዝኾነ ካብ መጀመርታ ናይ 1934 ክሳብ መወዳእታ ናይ 1951 ዓ.ም. ፈረንጂ ኣብ ዝነበረ ግዜ ናብ ኤርትራ ኣትዩ ዝተቐመጠ ሚበቆሉ ኤርትራ ዘይኮነ ሰብ፡ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ጸረ-ህዝቢ ተግባራት ክሳብ ዘይፈጸመ፡ ኤርትራዊ ዜግነት ብፍቓድ ተዋሂብዎ ኣሎ። ዝተዋህቦ ኤርትራዊ ዜግነት እንተዘይነጺጉ ከኣ፡ ብዘመልከተ፡ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ዜግነት ወረቐት ምስክር ይህቦ። ናይ ካልእ ሃገር ዜግነት ምስ ዝህልዎ ከኣ ኣብ ዓንቀጽ 2(5) ናይዚ ኣዋጅ'ዚ ዝሰፈረ ድንጋገ ብተመሳሳሊ ተፈጻሚ ይኸውን።

2/ ዝኾነ ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ(1) ናይ'ዚ ዓንቀጽ'ዚ ካብ ዝተጠቕሰ ሰብ ዝተወልደ ሰብ ኤርትራዊ ዜጋ ብትውልዲ ኢዩ። ብዘመልከተ ከኣ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያትናይ ዜግነት ወረቐት ምስክር ይህቦ።

3/ ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ(1) ናይ'ዚ ዓንቀጽ'ዚ ዝተጠቕሰ ሰብ ኤርትራዊ ዜግነት ወይ ናይ ኤርትራዊ ዜግነት ወረቐት ምስክር ብምድንጋር ብምትላል ወይ ወሳኒ ሓቅታት ብምሕባእ ከም ዝረኸበ ምስ ዝረጋገጽ ዜግነቱ ብጸሓፊ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያት ኪሕደግ ይኽእል።

## 4. ዜግነት ብፍቓድ( ካብ 1952 ዓ.ም.ፈረንጂ ንድሓር)

1/ ዝኾነ ካብ መጀመርታ ናይ 1952 ዓ.ም ፈረንጂ ንድሓር ናብ ኤርትራ ኣትዩ ዝተቐመጠ መበቆሉ ኤርትራ ዘይኮነ

ብምልክት ይእወጅ።

4/ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀጽ(2) ናይ'ዚ ዓንቀጽ'ዚ ናይ ኤርትራዊ ዜግነት ወረቐት ምስክር ዝተዋህቦ ሰብ እቲ ወረቐት ምስክር ካብ ዝተዋህበሉ ዕለት ጀሚሩ ብፍጹም ናይ ዝተዋህበ ኤርትራዊ ዜግነት ደረጃ(status) ይህልዎ።

5/ ብመሰረት ዓንቀጽ 4 ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ብፍጹም ኤርትራዊ ዜግነት ዝተዋህበ ሰብ ኣብ ክንዲ ብሓላፍነት ዝሕተተሉ ዘይበጽሐ ውላዱ ምስ ዘመልከት፡ ጸሓፊ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያት ስም ናይ ዘይበጽሐ ውላዱ ንኣመልካቲ ብፍጹም ኣብ ዝተዋህበ ናይ ኤርትራዊ ዜግነት ምስክር ወረቐት ከም ዝውሰኽ ኪገብር ይኽእል። ስሙ ካብ ዝተወሰኸሉ ዕለት ጀሚሩ ከኣ ዘይበጽሐ ውላዱ ብፍጹም ናይ ዝተዋህበ ኤርትራዊ ዜግነት ደረጃ(status) ይህልዎ።

6/ ብመሰረት ዓንቀጽ 4 ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ብፍጹም ኤርትራዊ ዜግነት ካብ ዝተዋህቦ ሰብ ብፍጹም ዜግነት ድሕሪ ምውሃቡ ዝተወልደ ሰብ ኤርትራዊ ዜጋ ብትውልዲ ኢዩ።

## 5. ዜግነት ብወዲ ጡብነት(Adoption)

ብትውልዱ ኤርትራዊ ዝኾነ ሰብ ወይ ብፍጹም ኤርትራዊ ዜግነት ዝተዋህቦ ሰብ ብሕጊ ወዲ ጡብ ዝገበሮ ዝኾነ ሰብ ባዕሉ ወይ ወዲ ጡብ ዝገበሮ ሰብ ብዘመልከተ፡ ብጸሓፊ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያት ብፍጹም ኤርትራዊ ዜግነትን ወረቐት ምስክርን ይወሃቦ።

## 6. ዜግነት ብመውስቦ

1/ብትውልዲ ኤርትራዊ ንዘኾነ ወይ ብፍቓድ ኤርትራዊ ዜግነት ንዝተዋህቦ ሰብ ብሕጊ ዝተመርዓወን ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዝመበቆሎን ሰብ ኤርትራዊ ዜግነት ብፍቓድ ኪወሃቦ ንጸሓፊ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያት ምስ ዝሓትት፡ዝፍቀደሉ ፡፡

ሀ/ ቅድሚ ምልከታ ምቕራቡ ብውሑዱ ሰለስተ(3) ዓመት ምስ መጻምዱ ኣብ ኤርትራ ምስ ዝቐመጥን፣

ለ/ ናይ ወጻኢ ዜግነቱ ነጺጉ፡ ኤርትራዊ ዜግነት ኪወስድ ቅሩብ ምስ ዝኸውንን፣

ሐ /ብመሰረት ዓንቀጽ 4 (3) ናይ እምነት መሓላ ድሕሪ ምፍጻሙን ይኸውን።

2/ ብመውስቦ ኤርትራዊ ዜግነት ብፍቓድ ዝተዋህቦ ሰብ መጻምዱ ምስ ዝመውት ወይ ምስ መጻምዱ ምስ ዝፋታሕ ወይ መርዓኦም ውዱቕን ፍሩስን ተባሂሉ ብቤት ፍርዲ ምስ ዝእወጅን ናብ መበቆላዊ ዜግነቱ ክምለስ ምስ ዝመርጽን ዜግነቱ ብጸሓፊ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያት ይሕደግ።

## 7. ደረት ግዜ ኣብ ኣጠቓቕማ መሰላት ኤርትራዊ ዜግነት

ብመሰረት ዓንቀጻት 4-6 ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ብፍቓድ ኤርትራዊ ዜግነት ዝተዋህቦ ሰብ ናይ ኤርትራዊ ዜግነት ወረቐት ምስክር ካብ ዝተቐበለሉ ዕለት ጀሚሩ ብፍቓድ ብናይ ዝተዋህበ ኤርትራዊ ዜግነት ደረጃ መሰላት ኪጥቀም ይኽእል።

## 8. ምሕዳግ ዜግነት

1/ ካብ ጸሓፊ ክፍሊ ፍትሒን ጸሓፊ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያትን ጸሓፊ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳርን ዝተዋጽአ ኮሚቴ ንሓደ ዕድሜኡ ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመት ዝመልአን ብሕጊ ብቕዓት ዘለዎን ብትውልዱ ኤርትራዊ ዜጋ ወይ ብመሰረት ዓንቀጽ

3 ዜግነት ብፍቓድ ዝረኸበ ሰብ ብሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ዜግነቱ ክሕድግ ይኽእል፡-

ሀ/ እዚ ኣዋጅ'ዚ ድሕሪ ምውጽኡ ናይ ወጻኢ ሃገር ዜግነት ብድሌቱ ምስ ዝወስድ፣

ለ/ ኤርትራዊ ዜግነቱ ብወገዒ ምስ ዝነጽግ፣

ሐ/ እዚ ኣዋጅ'ዚ ድሕሪ ምውጽኡ ንካልእ ሃገር ናይ እምነት መሓላ ምስ ዝሀብ፣

መ/ ብግልጺ ንዝተኣወጀ ናይ ኤርትራ ሕጊ ጥሒሱ ኣብ ኣገልግሎት ናይ ካልእ ሃገር ምስ ዝውዕል ወይ ምስ ዝቖጽል፣

ረ/ ብሃገራዊ ክድዓት ገበነኛ ኮይኑ ምስ ዝፍረድ።

2/ ካብ ጸሓፊ ክፍሊ ፍትሒን ጸሓፊ ውሽጣዊ ጉዳያትን ጸሓፊ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳርን ዝተዋጽአ ኮሚቴ ንሓደ ብፍቓድ ኤርትራዊ ዜግነት ዝተዋህቦ ሰብ (ዓንቀጻት 4 - 6) ብሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ዜግነቱ ክሕድግ ይኽእል፡-

ሀ/ ናይ ኤርትራዊ ዜግነቱ ወይ ወረቐት ምስክር ብምድንጋር፡ ብምትላል ወይ ወሳኒ ሓቅታት ብምሕባእ ዝረኸበ ምስ ዝኸውን፣

ለ/ ምስ ናይ ወጻኢ ሓይሊ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ርክብ ብምግባር ንጸላኢ ዝሕግዝ ንጥፈታት ከም ዘካየደ ምስ ዝረጋገጽ፣

ሐ/ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ከይዱ ናይ ክድዓት ገበን ምስ ዝፍጽም፣

መ/ ብገበን ተኸሲሱ ንልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት ናይ ማእሰርቲ መቕጻዕቲ ምስ ዝፍረድ፣

ረ/ ንሓደ ካብቶም ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ናይ'ዚ ዓንቀጽ'ዚ ዝተዘርዘሩ ምስ ዝፍጽም።

3/ ዝኾነ ሰብ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀጻት (1) ፣ (2) ናይ'ዚ ዓንቀጽ'ዚ ዜግነት ዚሕደግ፣ ዝደለ ምጽራይ ይሕሩ ምግባርን እቲ ዚሕደግ ሰብ ብወገኑ መከላኸሊ ንክቕርብ ዕድል ይሕሩ ምሃብን ይኸውን።

## 9. መቕጻዕቲ

ዝኾነ ሰብ ፣

1/ ነዚ ኣዋጅ'ዚ ብዝምልከት ናይ ሓሶት መግለጺ ኮን ኢሉ ብፍላጥ ዘቕረበ፣ ዘደናገረ ወይ ሰነድ ዝተምየነ፣ ወይ

2/ ብናይ ካልእ ሰብ ናይ ዜግነት ወረቐት ምስክር ኪጥቀም ዝፈተነ ወይ ዝተጠቕመ፣ ወይ

3/ ናይ ዜግነት ናይ ምስክር ወረቐቱ ካልእ ሰብ ክጥቀመሉ ዘፍቀደ፣ ወይ

4/ ኤርትራዊ ዜግነቱ ተሓዲጉ ናይ ኤርትራዊ ዜግነት ናይ ምስክር ወረቐቱ ክመልስ ተሓቲቱ ዝኣበየ፣ ገበነኛነቱ ምስ ዝረጋገጽ፣ ካብ ሰለስተ ዓመት ብዝበጽሕ ማእሰርቲ ወይ ካብ ብር 5,000 ብዝበጽሕ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ወይ ብክልቲኡ ይቕጻዕ።

## 10. ሕጋጋት ናይ ምውጻእ ስልጣን

ጸሓፊ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያት ንድንጋገታት ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ንምትግባር ዘሳልጡ፣ ብፍላይ ከኣ ነዞም ዝስዕቡ ብዝምልከት ሕጋጋት ናይ ምውጻእ ስልጣን ተዋሂብዎ ኣሎ።

1/ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ዝስርሓሉ ቅጥዕታትን ዝተሓዙ መዛግብትን፣

2/ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ናይ ዝፍጸም ናይ እምነት መሓላ ኣገባብን ኣመዘጋግባን፣

3/ ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ናይ ዝግበር ምዝገባ፣ ዝውሃብ መግለጺ ወይ ወረቐት ምስክር ወይ ቃለ መሓላ ዝኽፈል መጠን ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት።

11. ይግባይ

1/ ጸሓፊ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያት ንናይ ዜግነት ምልከታ ብዝምልከት ከምኡ'ውን እቲ ካብ ጸሓፊ ክፍሊ ፍትሒን፣ ጸሓፊ ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያትን፣ ጸሓፊ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳርን ዝተቖመ ኮሚቴ ንናይ ምሕዳግ ዜግነት ብዝምልከት ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ብዝህብዎ ውሳነ ቅር ዝበሎ ዝምልከቶ ሰብ፣ ውሳነ ብጽሑፍ ካብ ዝተቐበሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ይግባዩ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ከቕርብ መሰሉ ዝተሓለወ ኢዩ።

2/ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይግባዩ ሰሚዑ ዝህቦ ውሳነ ናይ መወዳእታ ይኸውን።

12. ዝተሰረዙ ሕግታት

ንናይ ዜግነት ሕቶ ብዝምልከት ቅድሚ ሕጂ ዝወጹ ኩሎም ሕግታት በዚ ኣዋጅ'ዚ ተሰሪዞምን ተተኪኦምን ኣለዉ።

13. ኣዋጅ ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ

እዚ ኣዋጅ'ዚ ብጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

ኣስመራ 6 ሚያዝያ 1992 ዓ.ም.

ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ

## ናይ እምነት መሓላ

ቦታ _______________

ዕለት _______________

ኣነ ______________________________ ብኤርትራ ምሉእ እምነት ከምዘሎኒ፡ ሕግታት ኤርትራ ብትንዕና ከኽብርን ከም ኤርትራዊ ዜጋ ግቡኣተይ ክፍጽምን እምሕል።

ክታም _____________